ማእከል መሰልጠኒ መናእሰይ ኣግበ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ብዝተፈላለዩ ሞያታት ንመናእሰይ ኣብ ምስልጣን ከምዝርከብ ዝፍለጥ ኮይኑ ኣብዚ ዓመት ብዝተመደበሉ በጀት መሰረት ብምግባር መሳርሒ ፅሕፈት፣ ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ፣ መሳርሒ ፅሬት፣ ናይ ማይ መሳርሒ ፣ መሳርሒ ኮንስትራክሽን ፣ መሳርሒ ኤሌክትሪክ፣ መሳርሒ ሕትመትን ኤሌክትሪክ ሞጎጎን ክገዝእ ስለ ዝደለየ ንክትወዳደሩ ብግልፂ ጨረታ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 21, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 2, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1500.00
- ቦታ:ኣግበ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 2, 2011 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/ ናይ ሕትመት ኣቁሑትን/ ቅፋሮ ማይ ኢንጂነሪንግ ማሺነሪ, ኣቁሑትን ኣክሰሰሪ/

1 በቲ ዘርፊ ሕጋዊ ንግድ ፍቃድ ዘለዎ

2 ናይዚ ዘበን ዝተሐደሰ መቅረባይነት ዘለዎ

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ /tin No/ ከቅርብ ዝክእል

4 ናይ 2011 ዓ/ም ንግዲ ፍቃድ ዘሐደሰ

5 ናይ ወርሒ ጥቅምቲ ቫት ዲክለር ዝገበሮ ከቅርብ ዝክእል

6 ብኣዋጅ መምርሒ ዕደጋ መሰረት ተመዝገብቲ ተወሳኺ እሴት ዝኾኑ ቲኦቲን ካልኦትን ብዝተቀመጠ ብርኪ መረዳእታ ዘለዎ፤ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝጋቢ ዝኾነ ተጫራቲ ዘቅርቦ ዋጋ ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝሓወሰ ዘይሓወሰ ምኳኑ ኣመላኺቱ ተወሳኺ እሴት ታክስ ከምዘማልአ ይቁፀር።

7 ሰነድ ጨረታ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቃለሐሉ ዕለት 18/03/2011 ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 02/04/2011 ዓ/ም 4:00 ቅ.ቀተሪ ኾይኑ ዘይምለስ ካብ 10-30 ብር ብምክፋል ሰነድ ካብ ማእከል መሰልጠኒ መናእሰይ ኣግበ  ደ/ከ/ስ/ፋይ/ዕ/ንምም/ ር/ ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 167 ክትወስዱ ትክእሉ።

8 መጠን መክበሪ ጨረታ ብባንኪ ዝተረጋገፀ  CPO ካብ 1000 - 1500 ብር ከትሕዝ ዝክእል

9 ስርዝ ድልዝ ዘለዎ ሰነድ ተቀባልነት የብሉን

10 ናይ ሕድሕድ ዶክመንት ኦርጅናን ኮፒን ብክልተ /2⁺/ ፖስታ ኣሺጉ ናብ ማእከል መሰልጠኒ መናእሰይ ኣግበ ደ/ከ/ስ/ፋይ/ዕ/ንምም/ ር/ ንብረትን ናብ ዝተደለወ ሳንዱቅ ጨረታ ከእቱ ዝክእል፤

11 ሰዓርቲ ሰዓርነቶንም ምስ ተገለፀሎም ድሕሪ 3⁺ ናይ ቅሬታ መዓልቲ በቲ ዝወፀ እስፐስፌከሽን መሰረት ዉዕል ዝኣስርን ብናይ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ባዕሉ መጓዓዝያን መፅዐንን መረጋፍን ፅሬት ዘለዎ ንብረት ናብ ማእከል መሰልጠኒ መናእሰይ ኣግበ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ዕለትን ከቅርብ ዝክእል ፅሬቱ ዘይሐለወ እንተኮይኑ ድማ በቲ ጨረታ መሰረት ተቀፂዖም እቲ ንብረት በቲ ዝወፀ ስፐስፌከሽን መሰረት አታዊ ይገብሩ።

12 ተጫረቲ ንጨረታ መክበሪ ዉዕል 10% ናይ ዝሰዓርዎ ዋጋ ብባንኪ ዝተረጋገፀ CPO ከትሕዙ ዝክእል፤

13 ኣብ ጨረታ ክጭበርብሩ ዝፈትኑ ነጋዶ ስጉምቲ ንወስድ ምኳንና ክምኡ እዉን ዘትሐዝዎ ናይ ጨረታ መክበሪ ገንዝብ /CPO/ ዝዉረስ ምኳኑ ምፍላጥ የድሊ።

14 አብ እዋን ምክፋት ጨረታ ተጫረቲ ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪል ክርከቡ አለዎም ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ብዘይምርካቦም እቲ ጨረታ ንዘይ ምክፋት ኣይንግደድን።

15 እቲ ጨረታ ዕለት 02/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅ.ቀትሪ ተዓፅዩ ብተመሳሰሊ ዕለትን ሰዓትን 4:30 ኣብ ማእከል መሰልጠኒ መናእሰይ ኣግበ ደ/ከ/ስ/ፋይ/ዕ/ንምም/ ር/ ንብረትን ቁፅሪ ቢሮ 167 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዘለዉሉ ይከፈት ።

16 ካሊእ ኣብ ኣዋጅ ቁፅሪ 255/ 2007 ብዘሎ ነዚ መተግበሪ ዝወፀ መምርሒ በዝኣዘዞ መሰረት ይፍፀም። ኣብዚ ዝሰፈረ ምስቲ ኣዋጅን መምርሒን ዝጓነፅ ቃል ከም መምርሒ ኮይኑ ኣየገልግልን።

17 ቤት ፅሕፈትና 20% ካብ ሕድሕድ ንብረት ናይ ምውሳክ ወይ ናይ ምቅናስ መሰሉ ሕልዉ እዩ።

18 ኣብዚ ጨረታ ንምስታፍ ንዝኮነ ሕጋዊ ነጋዳይ ክፍቲ ኮይኑ ኣብቲ ጨረታ ብቋንቋ ትግረኛ ብግልፂ ብፅሑፍ ክርዳእ ዝኽእል፤

19 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕልዉ እዩ።

ንተወሳኪ ሐበሬታ 0345-591505/0914-845937/0948-536208 ደዊልኩም ምሕታት ትክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle